# ዝኽሪ ንመበል 44 ዓመት ባሕቲ መስከረም

## ንህዝቢ መስከረም

ኣብ ማህደር ፖለቲካዊ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ፡ ባሕቲ መስከረም ፍልይቲ ወርሒ፡ ካብ 1961 ኣትሒዛ ካብ'ታ ኤርትራ ትብል ከም ተካኢት ስም፡ ተፈልያ ዘይትድመጽን፡ ዘይትቓላሕን ወርሒ ኮይና ንዘልኣለም ክትዝከር ትነብር'ያ። ባሕቲ መስከረ ማዕጾ ተስፋን፡ ነጻነትን ሓርነትን ዝኸፈተት ዕለት ወትሩ ቅጽል መጸውዒት ህዝቢ ኤርትራ'ያ። ዋሕስ ነጻነት ዝተኸለት፡ እኩብ ድምር ፖለቲካዊ ቃልሲ፡ እብያ ኢትዮጵያዊ ምሕደራዊ ስርዓት ንላዕሊ ክግንፍል ዝገበረት መከረም እያ።

ወርሒ መከረም ብጸኒሓውን ልምድን፡ በቲ ተፈጥሮ ዝዓደላ መቑጸሪትን መበገሲትን ዓመት ቀዳመይቲ ወርሒ፡ ጸሓይ ዝበርቐላ ዕምብብቲ፡ ሽውቲ ዝብልዓላ፡ ካብ ጫንቓን ስእነትን ክራማት፡ ናብ ራህዋን ኣዝመራን ሰቲ ዝንስነሰላ ወርሒ'ውን እያ። መስከረም ስኡንን፡ ርኹብን፡ በዓል ዓ ውድን፡ ተጸባይ ትኺቦን ዝሕጎሰላ ወይ ዓብይ ተስፋ ዝንበረላ ወርሒ'ያ። ወርሒ ህጽናትን ኣረጋውያንን፡ ጎርራዙትን ጎምበለታትን'ያ። መስከረም ህዝባዊት'ያ።

ባሕቲ መስከረም መፈለምታ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ዝተደራረበ ሓጎስ ዘለዋ ዕለትን ወርሕን፡ ዝተደራረበ ታሪኽ ዘለዋ እያ።

ወርሒ መስከረም ካብ'ቲ ዓበይቲ ፈላሚ ታሪኽ ዝተፈጸመለን ኣዋርሕ ብምዃና ድማ ካብ ኣፍ ህዝቢ ዘይትፍለ ዓመት መጸ ተዘኪራን ተኸቢራን ተጸምቢላን ካብ ዝነብራ ኣውራሕ ሓንቲ'ያ።

ወርሒ መከረም ዘመናዊትን መጸዊዒት ህዝቢ ኤርትራ'ያ ክትበሃል ዘይትኽእል ኣይኮነትን ንስለ እቲ ታሪኻ። ከመይስ ትንሳኤ ሓድሽ ምዕራፍ፡ ሃገራውያን ዝኣኻኸበትን፡ ብሄራታ ብዘይኣፈላላይ ብሓደ ርድኢት፡ ብሓደ ቋንቋ፡ ብሓደ እምነት፡ ብነጻነትን፡ ፍትሕን፡ ማዕርነትን፡ ርእሰ ተኣማንነትን፡ ብሓባር ክሰርሑን፡ ክቃለሱን፡ ክጠምዩን፡ ክጸምኡን፡ ክሳብ መወዳእታ ነጻነት ዝረጋገጽ ድማ ክደምዩን ክስውኡን ጸዋዒት ንስለ ዘገረበት'ያ። እቲ ብሓቂ ኣብ መከረም ዝኣምን ድማ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ብስም መከረም ንዝወጸ ሕግታት ኤርትራ ዝኣምንን፡ ብኡ ዝምራሕን'ዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ንምእንቲ ክብሩን፡ መሰሉን፡ ነጻነቱን፡ ብመሪሕ ሓመድ ኢድሪስ ዓዋተ ዝተቓለሐ ጸዋዒት ባሕቲ መስከረም ተሰሚዑ። ተሰሚዑ ኣብ ልቢ ኩሉ ወዲ ሃገር ድማ ሓደረ። ኤርትራዊ ብንግሆኡ ካብ ቤቱ፡ ካብ ስርሑ፡ ካብ ማሕረሱ፡ ካብ ቤት ትምህርቱ፡ ካብ ዝርከበሉን ዝነብረሉን ቦታታት፡ ካብ ዓዲታት፡ ካብ ከተማታት ኤርትራ፡ ካብ ስደቱ፡ ካብ ኢትዮጵያ፡ ሱዳን፡ ግብጺ፡ ብሓፈሻ ድማ ካብ ማእከላይ ምብራቕ፡ ኤሮጳን፡ ሰሜን ኣሜሪካን ናብ ሰውርኡ ተሓወሰ። ተሓዊሱ እኻሙ ኣልዒሉ ኣበርኪቱ፡ ተሰዊኡ ደምዩ፡ ቃንዛ ህዝቡ ተኻፊሉ ሓዲሩ። ስቓይ ህዝቡ ጸይሩ፡ ብትዕግስቲ ተመሪሑ፡ ኣብ ኣጻምእ ዒላ ፈሒሩ ጎረርኡ ኣጥሊሉ፡ ንህዝቡ ኣዕሪቁቡ ንርእሱ ኣጽሊሉ፡ ባርዕን ሃልሃልታ ሓዊ ጸላእቲ ኣጥፊኡ፡ መገደል ሰጊሩ፡ ህላውነቱ ኣረጋጊጹ ንሃገሩን ንህዝቡን ኣለኹልኩም ኢሉ ዋሕስ ቀጻልነት ሂወትን፡ ትንፋስ ዝሰኸዐ ስውእ ተጋዳላይ ነጻነት ኣረኪቡ ኣሎ። ጸዋዒት መስከረም ድማ ማዕረ ማዕረኡ'ያ ትኸብርን ትዝከርን።

ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ንዕቐት ዝሓደሮም ጸላእትን ተደጋገፍቲ ባዕዳዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ድማ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኼክበሊ ቀለም ውሳኔታቶም ከየነቐጸ ዳግማይ ኼክሓሱቡን፡ ዕሙቕ ትንፋስ ከተንፍሱ ገቢርዎም'ዩ።

*ታሪኽ መስከረም*
ብወርሒ መስከረም ጣልያን ንኪዳን ሓይልታት ንሰላም ጸዋዒት ኣቕሪባ

ብወርሒ መስከረም ኪዳን ሓይልታት ንጉዳይ ግዙኣት ሃገራት ክለዓል፡ ሓንቲ ኤርትራ ነበረት
ብወርሒ መስከረም ጉዳይ ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ቀረበ
ብወርሒ መስከረም ባይቶ ው.ሕ.መ ምስ ተጀምረ ቀዳማይ ኣጀንዳ ጉዳይ ኤርትራ ነበረ
ብወርሒ መከረም ሰልፊ ፕሮ ኢጣልያ ተመስረተት
ብወርሒ መከረም ሰልፊ ሓዳስ ኤርትራ ተመስረተት
ብወርሒ መከረም ባይቶ ኤርትራ ቆመ( ፌደረሽን)
ብወርሒ መከረም ብረታዊ ተጋድሎ ንነጻነት ተጀመረ
ብወርሒ መስከረም ንመጀመሪያ ግዜ ኤትራውያን ንወታሃደራዊ ስልጠና ንወጻኢ ሃገር ከይዶም
ብወርሒ መስከረም ኣብ ኣዲባራን ሓጋዝን ዕውት መጥቓዕቲ ተኻየደ
ብወርሒ መስከረም ሰለስተ ክፍልታት ዝተረኽባሉ ኣኼባ ተኻየደ
ብወርሒ መከረም ስሉሳዊ ሓድነት ተባሂሉ ዝፍለጥ ጉባኤ ዓንሰባ ተኻየደ
ብወርሒ መከረም ካብ ጉባኤ መሪሕነት ስሉሳዊ ሓድነት ተመርጸት
ብወርሒ መከረም ሰለስተ ኣባላት ሰራዊት ተ.ሓ.ኤ ነፋሪት ጠሊፎም
ብውርሒ መስከረም ኣብ ልዕሊ ስርዓት ንጉስ ሃይለስላሴ ዕልዋ ተኻየደ ደርግ ከኣ መጸ
ብወርሒ መስከረም ሰለስተ ውድባት ንጉዳይ ስምረት ክዘራረባ ኣብ ካርቱም ተራኺባ።

እዚ እቲ ብቀሊሉ ክዝከር ዝኽእል ፍርያት መከረም ኣብ ፖለቲካዊ መስርሕን ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራን እዩ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ባሕቲ መከረም እቲ ወሳኒ ታሪኻዊ ምዕራፍ ህዝቢ ኤርትራ ድምር'ዚ ኩሉ ኣብ ወርሒ መከረም ዝተፈጸመ ዝሕፈስ ታሪኻዊ ዓወታትን ፍረ ቃልስን መስዋእቲ ጀጋኑን እዩ።

*መደምደምታ*

ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ከቢድ ቅልውላው ማሕበራዊ ናብራ ወዲቑ ናበይ ከም ዘብል ዘይፈልጠሉ ዘሎ እዋን፡ ከም'ቲ ቅድሚ ሕጂ ንምእንቲ ሃገርን ህዝብን ዝተገብረ ጸዋዒት ባሕቲ መስከረም ነቲ ተሪፉ ዘሎ ጉዕዞ ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ መዕረፊኡ ንምብጻሕ ኣብ ቦትኡ'ዩ ዘሎ።

ነዚ ሎሚ ብጀነራላት፡ ብሓለዋ ፖሊስን፡ ጸጥታን ዝቕጥቐጥ ዘሎ መንእሰይ፡ ካብ'ቲ ኣትይዎ ዘሎ ኳዳጕዲ ብነጻ ተፈትሑ ንቤት ትምህርቱ ክምለስን ክምለሳን፡
ነዚ ሎሚ ብጀነራላት፡ ብሓለዋ ፖሊስን፡ ጸጥታን ዝቕጥቐጥ ዘሎ ኣቦ ስድራ ፍትሒ ረኺቡ ካብ'ቲ ኣትይዎ ዘሎ ኳዳጕዲ ብነጻ ተፈትሑ ንበይቱን ንስርሑ ተመሊሱ ስድርኡ ክናብይ
ነዚ ሎሚ ብጀነራላት፡ ብሓለዋ ፖሊስን፡ ጸጥታን ዝቕጥቐጥ ዘሎ ካድር ካብ'ቲ ኣትይዎ ዘሎ ኳዳጕዲ ብነጻ ተፈትሑ ንህዝቡ ብነጻ ርእይቶ ከንቕሕን ክውድብን
ነዚ ሎሚ ብጀነራላት፡ ብሓለዋ ፖሊስን፡ ጸጥታን ዝቕጥቐጥ ዘሎ ህዝቢ ካብ'ቲ ኣትይዎ ዘሎ ኳዳጕዲ ብነጻ ተፈትሑ ናብርኡ ክመርሕ መንግስቱ ምምሕዳሩን ክተክል፡ ኣየር ሓርነት ከተንፍስ እምበኣር መከረም ትጽውዕ ኣላ። መከረም ነቲ ዘበገሰቶ ዕማም ክትውድኦ ትደሊ ኣላ። ኣብ መፈጸምታ ከተብጽሖ ትደሊ ኣላ።

ነዚ ክቡር ጸዋዒት ንምስናይ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ እቲ ኣብ ትሕቲ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ዘሎ ህዝቢ ንድሕነቱ ቃል ብቃሉ ሃየ ወዲ ሃገር ርዳእ'ኳ እንተዘየበለ፡ በቲ ኣብ ርእሲኡ ዝፍጸም ዘሎ ግፍዕን፡ ማእሰርትን መቕተልትን ርኡይ ጸዋዒት የካይድ ኣሎ። ሞት፡ ማእሰርቲ፡ ስደት፡ ግፍዒ፡ ምዝመዛ፡ ጽቕጠት፡ ዘየድምጽ፡ ዘይደሀ፡ ሕልናዊ ጸዋዒት'ዩ እሞ ሎሚ ነዚ ጸዋዒት እዝኑ ዝሓትም፡ ኣብ ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ ግፍዕታት ክርእን ክሰምዕን ዘየደሊ ኣባል ህዝቢ ኣብ ትሕቲ ዕላማታት መስከረም ዝኣምንን ዝምራሕ ኣይኮነን። ጸዋዒት መከረም፡ ጸዋዒት ኤርትራ'ዩ።

እዚ ድማ ህያው ታሪኽናን፡ መክሰባትናን ፍረ ቃልስናን እዩ።

ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ንምልዕዓል .......
ቀዳማይ ንድሕነት ሃገርን ህዝብን
ካልኣይ ንስኒትን ሓድነርትን

ከም'ቲ ኣብ ባሕቲ መከስረም 1961 ብነጻነትን ሓርነት ክንኣምን ዝገበረና፡ ከም'ቲ ብማዕርነት ክንቃለስ ሃገራዊ ወንና ዘለዓለልና፡ ከም'ቲ ከም ሃንቲ ስድራ ቤት ኮይና ብሓደ መዓዲ ዝተዓ ንገልናን፡ ብሓደ ዝተሰዋእና፡ ከም'ቲ ኣነ በጃኻ፡ ኣነ ቅድሚኻ ዝተባሃሃልናሉ ቀለዓለም ዘይብሉ ተልእኾ ህዝቢ ኤርትራ ሕጂ ድማ ነዚ ተሪፉ ዘሎ መወዳእታ ጉዕዞ ብመንፈስ ባሕቲ መከረም ክነሰንዮ ይግባእ።

ስለምንታይ ህዝቢ ባሕቲ መስከረም

ባሕቲ መከረም ታሪኻዊ መዓልቲ ልደት ብረታዊ ተጋድሎና ምኳኑ ኩሉ ዝፈልጦ እዩ። እዚ ሎሚ ነብዕሎን ነኽብሮን ባሕቲ መከረም ድማ ከም'ቲ መፈለምታ ክብሪ ዘለዎ ብግብሪ ክረአ ክኽእልን፡እዩ። ብዘይክኡ ነቲ ቅድም ዝሓለፍናዮ ታሪኽ ክዝከርን እቲ ሽዑ ዝነበረ ስእሊ መታን ከንጸባርቕ ህዝቢ ንማለት እዩ።

ኤርትራ ትስዓተ ብሄራትን ክልተ ቋንቋን፡ ክልተ እምነት ዘለዎም ህዝቢ ዝሓቆፈት እያ። ባሕቲ መከረም ግን ፍልይ ዝበለት ሓደ ቋንቋ፡ ሓደ እምነት፡ ዝነበራ እያ። በዚ ድማ ህዝቢ ሓደ መከረም ክብል እንከለኹ፡ ብሄራት ስመን ንምርቋሕ ደስ ንስለ ዘየበለኒ፡ ቋንቋታት ንምርቋሕ ደስ ንስለ ዘየበለኒ ዘይኮንኩስ፡ ባህጊ ሓደ ርድኢት ኣብ ሃገር፡ ባህጊ ማዕርነትን፡ ባህጊ ሓደ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ዕላማታት ውድባት ንክሰምዕ ናይ ዝካየድ ቃልሲ ብናህሪ ክስጉምን፡ ካብ ዘሎኒ ናይ ቃልሲ ኣኽብሮት እዩ።

ሕጂ'ውን እንቋዕ ንመበል 44 ዓመት ልደት ብረታዊ ተጋድሎ በጻሕና፡ እንዳበልኩ ንህዝቢ ኤርትራ እገልጽ።

ኣብ መንጎ መገለጺ ሓጎሰይ ግን ነቶም ኣብ ማእሰርቲ እትሳቐዩ ዘልኹም ሰብ ክብርን፡ ሰብ ነጻ ርእይቶ፡ ተቃለስቲ፡ ዘይፍትሓዊ ክሲ ዝወረደኩም ኤርትራውያን፡ ትሕልፎዎ ዘለኹም ሃለዋት'ውን ካብ ምዝካር ምሳኹም እንሳቐን፡ በቲ ተባዕ ዘይተምበርካኺ ስጉምትኹም 'ንክ እኘኰርዕ ን እንሕበንን መርኣያታት ናይ ሓበንን ጽንዓትን፡ ምኳንኩም ከም ዘለዎ ኣብ ቦትኡ'ዩ።

ዕላማታት ሓደ መከረም ፈጺሙ ከይተዛዘመ ቃልሲ ኣይዓርፍን እዩ።
ህዝቢ ኤርትራ መሰሉን ስልጣኑን ከየተረከበ ቃልሲ ኣይዓርፍን እዩ።
ደሞክራሲያዊ ስልጣን ከይተመስረተ ቃልሲ ኣይዓርፍን'ዩ።

ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ

31 ነሓሰ 2005
ኣንቶንዮ ተስፉይ